# ዕዉት ህዝባዊ መኸተ ኣብ ሽቱትጋርት

ኤርትራውያን ነበርቲ ሽቱትጋርትን ከባቢኣን ብዕለት 17 ለካቲት 2013 ኣብ ሽቱትጋርት ሰፊሕ ህዝባዊ ኣኼባ ኣካይዶም። እዚ ልዑል ሃገራዊ ወንን መንፈስን ዝሃገገሉ፡ ኣብ ትሕቲ „ዕዮና ፈጻሚ ባህግና“፡ „መስመርና ዋሕስ ልምዓትና“ ዝብል ቴማ፡ ዝተኻየደ ህዝባዊ መኸተ፡ ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይን ኣባላት ቆንስላዊ ቤት-ጽሕፈትን ካልኦት ኣጋይሽን ዝርከብዎም ልዕሊ 600 ኤርትራውያን ተሳቲፎም።

ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይ፡ ብዛዕባ ህሉው ፖለቲካውን ቁጠባውን ኩነታት ሃገርና ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ። ከም ወትሩ ኣብ መስመርና ጸኒዕና፡ ንመናፍሕን ሓሶታትን ግምት ከይሃብና፡ ኣብ ተኸፊቱ ዘሎ ዕድል ቁጠባዊ ወፍሪ ተሳቲፍና፡ ኣብ ምዕባይን ኣብ ምድርማስን ተቐልቂላ ዘላ ተስፋ ንጡፍ ተራ ንጻወት ክብል መደርኡ ደምዲሙ።

ኣደ ወንበር መኸተ ሽማግለ ጀርመን፡ ወ/ሮ ሳባ ስዩም፡ ኣባል መኸተ ሽማግለ ጀርመን ኣቶ ዓሊ መሓመድሸኽን፡ ኣወሃሃዲት ሽማግለ ሽቱትጋርት ኣቶ ኣማኑኤል ኣብርሃን ናይ ደገፍ መልእኽቶም ኣስሚዖም።

ብኣባላት ሽማግለ መኸተ፡ ብዶክተር ኣማኑኤል ትኩእ፤ „ኩነታት ኮማዊ ማሕበራትና ምስ ኩነት ተጸባእትና“ ኮማዊ ማሕበራትና ከይስስና ከይዓብያን ምኽንያት ዝኾኑ ረቛሒታት ከም መፍትሒ ክግበር ዝግብኦ ብዝርዝር ኣቐሪቡ። ኣስዒቡ ኣቶ  ዮሃንስ ርእሶም „ስምቢዮዝ ዘይመንስግስታዊ ትካላትን፡ ማዕከናት ዜናን ኣብ ምፍብራኽን ምግዋሕ ዝንቡዕ ሓበሬታን“ ብዝብል ኣርእስቲ፡ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

ኣብ መደምደምታ ድማ ተሳተፍቲ፡ ብፈነወ ቐጻሊ ሰርቢ ስነ-ኣእሙራዊ-ኲናት፡ ንርግኣትን፡ ሓድነት ህዝባን ክፉሑቕ፡ ንኽብረታትን መስመር-እምነትን ክብልል፡ ትስፍው ቑጠባዊ ምዕባሌ ክቖጽን ከቕህምን ዝሕልን፡ ኣብ ማሕለኦም ጸኒዖም፡ መኪቶም ከምዘፍሽልዎ ብርእሰ-ተኣማንነት ድሕሪ ምግላጽ፡ ሱታፌኦም ኣብ ቁጠባዊ ወፍሪ ከምዘዕዝዙ ኣረጋጊጾም። ብተወሳኺ፡ ዋላ'ኳ እቲ እገዳ እንተበርዓነ፡ ተጸባእቲ ግን ጽቡቕ ኤርትራ ክርእዩ ስለ ዘይደልዩ ዕንቕፋታት ክፈጥሩ ክፍትኑ ስለዝኾኑን፡ ከም ወትሩ ኣብ ምፍሻሉን ምቕሉዕን ድሉዋት ከምዘለዉን፡ ድሕሪ ምግላጽ፡ ስዒቡ ዘሎ ውሳነታት ብምሕላፍ፥

## ውሳነታት ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ

ኣብ ሽቱትጋርትን ከባቢኣን እንርከብ ኤርትራውያን፡ ኣብዚ ሃገርና ኤርትራ፡ ንኹሉ መሰናኽላትን ብደሆታትን ሰጊራ፡ ኣብ መነባብሮ ህዝቢ ርኡይ ለውጥን፡ ውሑሱን ዘላቕን ማሕበራዊ ዕብየት ንምምጻእ፡ መንኮርኮር ቁጠባዊ ልምዓታ ኣሕኒና ኣብ ትሰርሓሉ ዘላን፡ ሱታፌ ዜጋታት ኣብ ቁጠባዊ ወፍሪ ዝዓብየሉ ዘሎ ትስፍው መድረኽን፡ ደለይቲ ሕማቕና ግን  ርግኣትን ሰላምን፡ ማሕበራዊ ቕሳነትን ዝሰፈና ኤርትራ፡ ኣክስጅንን ብርሃንን ከሊኡ ናብ ጥርዚ-ዕብዳን ስለዘጋለቦም፡ ነዚ ምዕባሌ'ዚ ክቖጽዩን፡ መኣዝንን ኣቓልቦን ህዝቢ ሰሊቦም፡ ብሰይጣናዊ ውዲታቶም ክቓንይዎ፡ ተረፍ-መረፍ ዶሮና-ስነኣእምራዊ ኲናት፡ ከህግጉን ክዕብሉኹን ይራእዩ'ለዉ።  ነዚ ቀቢጸ-ተስፋን ነበሰ-ቕተለትን ፈተነ ንምብርዓንን፡

እምነትናን ሰጊደ-ሰላምናን ኣብታ ብዝኾነ ህቦብላዊ ንፋስ ኣንፈታ ዘይትቕየር ሰንደቕ ዕላማና፤

- ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ኣብ ጎኒ መንግስትናን ህዝብናን ከምዘለና ብዘየማትእ ብምቕላሕ፡ ካባና ዝሕተት ዘበለ ክንገብር ድልውነትና ደጊምና ነረጋግጽ።
- ብልዑላውነት ሃገርና ንሕበንን ብሓድነት ኤርትራውነትና ንኾርዕን፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሰማእታቱን ሕድሮምን ዝመጸ ኣይፈቱን'ዩ'ሞ፡ ነዞም ነዛ ሕድሪ'ዚኣ ብምጽራር ብደም ሰማእታት ዝበቖለት ኤርትራ ከቐምስሉን ክቡቁሱን ዝፈታተኑ ከም ዘይንጻወርን ዘይንቕበልን ደጊምና ነረጋግጽ።
- ብዝኾነ ይኹን ታህዲዳት ከይተደናገረ፡ ብናይ ሓሶት ደሮና ከይተዓብሎኸ፡ ኣብ ናይ ቋሕ-ሰም ዘሎ ካልኢት ኣብ ጎኒ መንግስትን ህዝብን ሃገርን ደው ብምባል ወትሩ፡ በቲ ሓደ ኢዱ ዕርፊ በቲ ሓደ ኸኣ ብረት ሒዙ፡ ሃገር ዘልምዕን ዝከላኸልን ንዘሎ ንተውለ ሓይልታት ምክልኻልና፡ ነሞግስ።
- ንኤርትራ ብቑጠባ ንምሕናቓ ዝካየድ ዘሎ ውዲት ብግብርን ብኣድማዒነትን ንምብራዓኑን፡ መነባብሮ ህዝቢ ኣብ ምምሕያሽ ኣብ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ ንምዕዋት ኣብ ቍጠባዊ ወፍሪ ተሳታፍነትና ክነዐዝዝ ምዃና ነረጋግጽ።
- ስርዓት ወያነ ካብቲ ካብ ኣህጉራዊ ሕጊ ወጻኢ ሒዝዎ ዘሎ መሬት ኤርትራ ክወጽእ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ግቡኡ ክጻወት ኣጥቢቕና ንሓትት።
- ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ተበይኑ ዘሎ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን እገዳ ክለዓል ንጽውዕ።

እቲ ዋዕላ ብዓወት ተዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ

ሽማግለ መኸተ፡ ሽቱትጋርትን ከባቢኣን

ስእሊ ንምርኣይ ኣብ'ዚ ንጠውቕ